# ኣብ ህይወት፡ ዘይተነግረ እንበር፡ ዘይተገብረ የልቦን።

## መበል 46 ዓመት ዝኽሪ ምውጻእ እሱራት ካብ ሆስፒታል



ተጋ/ ግርማይ ገ/ኣምላኽ (ጠበቓ)

**ካልኣይ መስተንክራዊ ስርሒት ደባይ ፊዳኢን ተ.ሓ.ኤ. ብ 19/02/1975 ሓራ ምዉጻእ እሱራት ካብ ማእከል ሆስፒታል ኣስመራ።**

**እዚ ስርሒት ዚ ብተጋደልቲ ሕሩይ ተድላን ዓብደልቃድር ሮሞዳንን፡ ኣብ ሃዘጋ ኮይኖም ዝወደቡዎ ብጾት ናይ ምድሓን ህጹጽን ዕዉትን ስርሒት ኢዩ ነይሩ።**

ብድሕሪ ሓደ ሰሙን ናይ'ቲ ኣብ ሃገርና ተወዳዳሪ ዘይነበሮ ስርሒት ምስባር ቤት ማእሰርቲ ሰምበልን ዓዲ-ዃላን፡ ነቶም ዝተረፉ ብጾት ካብ ኣፍ ሞት ንምድሓን ቅልጡፍ ዉደባ ተገይሩ ንምዉጻኦም ተዳለወ። ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ፡ ጸላኢ ዝኾነ ናይ ፖለቲካ እሱር ናብ ቃፃንው ከእቱዎ ኣብ ርእሲ ምዉሳኑ፡ ኣስታት 120 ዝኾኑ ደቂ ኣስመራ ጸዕዳ፡ ብስልኪ ናይ ማሪን ዝተሓነቑሉ ጊዜ ኢዩ ነይሩ። ብጾትና ድማ፡ "ሎሚ ብሞት ወይ ብህይወት ክትወጹ ኢኹም!" ይብሉና እሞ፡ ንሕና ኸኣ፡ "እታ ሞት ተተርኢስናያ ንሓድር ኣሎና፤ እታ ህይወት ጠፊኣትና፡ "ዝረኣየ ዓይኑ ይብራህ" ዘይትብሉ፡ ንብል ኣሎና? ብምባል፤ እንዳ ሞትና ንስሕቐሉ እዋን ኢዩ ነይሩ።

**ድሕሪ እቲ ዕዉት ውጥን፡ እቶም በዚ ሓርበኛዊ ስርሒት ካብ መቓብረ-ህያዋን ዝወጹ ተጋደልቲ ድማ፡-**

1- ስዒድ ሑሰይን (ስዉእ)፡ ካብ'ቶም ንጀብሃ ኣብ ከይሮ ዝመስረቱ ጀጋኑ።
2- ግርማይ ገብረኣምላኽ ብርሃነ (ጠበቓ)
3- ገረሂወት ቀለታ
4- ኣብረሃ ተምነዎ
5- ሃብተኣብ፡

ከም'ኡ እውን ካልኦት 6 ሃገራውያን ብኻልእ ገበን ዝተኣስሩን ነይሮም።

**ነዚ ስርሒት እዚ ተመዚዞም ዘዐወቱዎ ተበዓት ፊዳኢን ጀብሃ ኸኣ፡-**

1- ኣብረሃም ተኽለ (ስዉእ)
2- ኣር ኣያ ተስፋስላሰ (ስዉእ)
3- ተወልደ ወዲ ዓዋተ (ስዉእ)
4- ሳልሕ በላይ (ስዉእ)
5- ግደይ ሓማ ስዉእን ነበሩ።



ተጋ/ ስዒድ ሑሰይን (ስዉእ)

**ካብ ስሩዓት፡-**

1- ዑቕባሚካኤል ጐይታኦም (ስዉእ)
2- ካሕሳይ ያቆብ (ስዉእ)
3- ሰምሰም ነይሮም።




**ሻ/ባሻ ፍስሃየ ክብሮም**፡ ካብ'ቶም ንድሕነትና ምስ ወተሃደራቱ ዓቢዩ ተራ ዝተጻወቱ ከምኡ ድማ ብትብዓቱን ሃገራዊ ጽንዓቱን ብፍሉይ ዝልለ ሓርበኛ ኣቦ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ዝነበርናዮ ቦታ፡ ሎሚ'ዶ ጽባሕ ንርሸን ንኸውን ኣብ ንብለሉ ዝነበርና እዋን፡ ከምኡ እውን ህዝቢ ብኣረንቲ ዝሓንቀሉ ዝነበሩ ጊዜ፡ ሓደ ጀነራል ብ ኣርባዕተ ብረት ተሰንዩን ተዓጂቡን ኣብ'ቲ ቦታ ይመጽእ እሞ፡ ደጊም'ሲ ኦሮማይ ተራና ኢዩ ዝበልናሉ ሰዓታት ኢዩ ነይሩ።

ሕጂ ተመሊሰ ክዝክሮ፡ ካብ'ቶም ምሳይ ዝነበሩ እሱራት፡ ሓደ ኣቦ፡ ከም'ዚ ይብሉ፡ "ግርማይ ወደይ፡ እዞም ርጉማት ኣምሓራ ክዉዱኡና ኢዮም መጺኦም፡ እዝጊዮ — እሞ ግርማይ ኢዩ፡ ኣባል ተጋድሎ ሓርነት'ዶ ክንብሎም? መታን ንዓኻ ጥራሕ ረሺኖም ነቶም ዝተረፍና እንተ ሓደጉና?"፡ ይብሉ። ደጊሞም ከኣ፡ እዝጊዮ፡ ይብሉ።

ኣነ ድማ፡ ሕራይ ኣቦ፡ ደሓን ንገርዎም ይብሎም። ምኽንያቱ፡ ኣነ ቅድሚ ሞተይ ዝበዝሕ ሰብ ክይልከም ብምባል፡ ኣነ ክዛረብ ኢየ ኢለ ማዕጾ ይኩሕኩሕ። እቲ ዋርድያ ድማ ድምጺ ሰሚዑ ይመጸኒ። "እንታይ ኰይንካ?" ይብለኒ። ኣነ ኸኣ በጃኻ ክፈተኒ፡ ሰላማዊ ሰብ ክይልከም፡ ነዚ ጀነራል፡ ኣነ ኢየ ግርማይ ዝበሃል፡ ኣባል ጀብሃ ታሕሪር ክብሎ፤ ምስ በልኩዎ፡ ወዮ ወተሃደር ብስሓቕ ነቲ ገዛ የናዉጾ። ጅግና ስዉእ ሻ/ባሻ ፍሰሃየ ከኣ ኣብ መንጎ ይመጽእ እሞ፡ "እንታይ ደኣ ተረኺበ ክንድ'ዚ ዝኸውን ሰሓቕ?"፡ ይብል። እቲ ዋርድያ ኸኣ "እዚ ኣሽካቶ እንድዩ፡ እታ ሞት ደንጉያቶ ቅድሚ ምርሻኑ ሰላማዊ ሰብ መታን ከይልከም፡ እቲ ማዕጾ ክፈቱዎ ክዛረብ ደልየ ኣሎ'ኹ ይብል ኣሎ፡" ይብል። ጅግና ስዉእ ኣቦና ፍሰሃየ ክብሮም ከኣ፡ "ግርማይ ወደይ ኣጆኻ! ረይሳይ ረጊጹ እምበር፡ ኣነ ብህይወት ከሎ'ኹ መን'ዩ ዝርሽነካ?"፡ ይብል። ቀጺሉ ኸኣ፡ "ነዚ ዝሓለፈ ጀነራል ኢኻ ክቕትለና ኣዩ ዝበልካ? "እዚ ደኣ ሓደ ሮጉራጉ እንዲዩ። ሰብኣይ እንተ ኾይኑ ኸኣ ምስ'ቶም ኣብ'ዛ ቀረባ ዘለዉ ደቅና ክይዱ ይዋጋእ እንበር! በዚስ ኣይትሰከፍ፡ ሰበይቱ ሓሪሳ ኢዩ፡ ናብ'ዚ እንዳ ሓራሳት መጺኡ።" ምስ በለ፡ ኩልና ተተሓሒዝና ስሒቕና ነናብ ቦታና ተመሊስና። ድሕሪ እዚ፡ ሓጎስን ሓዘንን ተፈራሪቕና፡ ጀጋኑ ብጾትና ብምሉእ ትብዓቶም ንዓና ናብ ሃዘጋ ኣብጺሖም፡ ናብ ካልእ ስርሒት ተመሊሶም፡ ህይወትና ኣድሒኖም፡ በጃ ህዝቦም ሓሊፎም።

**ንሳቶም ከኣ፡-**

1- ጅግና ዑቕባሚካኤል ጎይትኦም (ነርስ ኣብ ሆስፒታል፡ ስሩዕ ተሓኤ)
2- ጅግና ወድ ካስማይ (ፈዳኢን)
3- ጅግና ካሕሳይ ይቆብ (ስሩዕ ተሓኤ)
4- ጅግና ኣብረሃ ሻዉል፡ (ፈዳኢን)

ከምኡ እዉን ምሳኻትኩም ተማልኡና ዝበሉ ሃገራውያን፡ ጸላኢ ኣብ ችቸሮ ተጸብዩ ረሺኑዎም። ህይወት ብጾቶም ኣድሒኖም ንሃገሮም መስዋእቲ ከፊሎም።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንክቡራት ብጾትናን ስዉኣትናንን!**

**ብጻይኩም ግርማይ ገ/ኣምላኽ (ጠበቓ)**

**ዕለት 19/02/2021**